# ትግርኛና ኸይርሳዕ ፩

ኳይላ የዝልል
ደላላ ይድልል
ታሕጓስ የዕልል
ጽጉም ይምህለል
ድንጉጽ ይድህለል
ዕቡድ ይጽለል
ቅለት ይቕለል
ስፌት ይሸለል
ገንዘብ ይውህለል
ኣብ ዓውዲ ትወህ
ኣብ መርዓ ትለህ
ውሉድ ይምረኽ
ነግራም ይዳረኽ
ደፍደፍ ይፋረኽ
ገንዘብ ይስረኽ
'ተባእሰ ይዕረኽ
ክፉእ ይርገም
በተኽ ይጽገም
ዳዊት ይድገም
ኣብዋዕላ ይግምገም
ዝፈሰሰ ይፍገም
ኣብ ዕዳጋ ተዋገ
መውስቦ ኣይትጋገ
ዝሩግ ይዝረግ
ድርጐኛ ይድረግ
ርስሓት ይጽረግ
ዝንግሪር ይምረግ
በቕሊ ይርግረግ
ውርዙይ ይምዕረግ
ቀሪም ይዳረት
መካበቢያ ይሥረት
ዘለዎ ይትስከር
ምውት ይትዝከር
ኣብ ውሻጠ ይምከር

ፈኸራ ይፍከር
ነጋሪት ይድከር
ሰቲኻ ይስከር
ስራሕ ይብኰር
ሻሂ ብሽኰር
ዕንኩሮ ይዕንኰር
ዓይኒ ይጭንቈር
ስቕሬን ይስቈር
ድንቁርና ይድንቈር
ሥንቂ ይስነቕ
ሕውስዋስ ይዛነቕ
ጠፍናቕ ይጥፍነቕ
ጅግና ይድነቕ
ምግዱር ይጭነቕ
ሽፍታ ይሕነቕ
ሽቃጦ ይጥቕጠቕ
ስረ ይዕጠቕ
ድንሽ ይጥጠቕ
ፈልጺ ይስንጠቕ
ዝባን ይድሰቕ
ብሽንጣር ይስቕሰቕ
ብእምኒ ይጭፍለቕ
ብበረቕ ይልቕለቕ
ሕሩጭ ይድብለቕ
ውሕጅ ይዕብለቕ
ኩሩዕ ይፍእነን
ብልቡ ይእነን
ክሳብ ዝህነን
ጉምብስ ይድነን
ሓጥእ ይኹነን
ዓለም ይምነን
ገዳም ይእቶ
ጥዑም ይፍቶ
ጸላኢ ይጻናቶ

ኣዕሩኽ ይድብሉ
ነጻላ የጽምብሉ
ሓዊ የምበልብሉ
ይብኣሱ፣ ይቃተሉ
ለባማት ናብ ዕዮ
ቖልዑ ናብ “ሕዮ!”
ዓበይቲ “እዝግዮ!”
ኣንስቲ ይዕላላ
ድርፍ ይውዕላ
ፈለስቲ ይምህለላ
"ኣለኽሶስ!" ይብላ
እንተላም ይኽተት
ድስቲ ይስኽተት
መሸታ ይምሸት
ዘመታ ይዝመት
መኸታ ይምከት
ጩው ይዝከት
መከረኛ ይንክርተት
ካብ ጁባ ይምሰት
ራእይ ይኽሰት
ሕጉስ ይድሰት
እመት ይእመት
ግምት ይግመት
እኸሊ ይሸመት
መርድእ ይርዳእ
ሓዘን ይውዳእ
ቁስሊ ይጉዳእ
ጐነቑ ይጉናእ
ብኀዞሞ ይጉናዕ
መጽናዕቲ ይጽናዕ
ኩርንዒት ይኹርናዕ
ብምሽ ይቕናዕ
ብኢድ ይግናዕ
ሓዊ ይቑሰቘስ

ነገር ይጣቔስ
ሱር ይብቈስ
ቅመም ይድቈስ
ለንቋስ ይልንቈስ
ረኣስ ይርኰስ
መጕዳእ ይትኰስ
ተኸሊ ይኾስኰስ
ማሕረስ ይሕረስ
ደጕል ይፍረስ
ድርሳን ይድረስ
ብወረጦ ይንቀስ
ብዓይኒ ይጥቀስ
ጃጃዊ ይድንግጽ
ደጕመጽ ይጉርምጽ
ዓማጺ ይዕምጽ
ብወለድ ይሕረጽ
ጽቡቕ ይምረጽ
ረመጽ ይርመጽ
ውዳቕ ይድርመጽ
ቋንጣ ይቕጥቀጥ
ሰሊጥ ይውቀጥ
ገይሶ ይሽምጠጥ
ከብዲ ይዝፍጠጥ
ዕነ ይግጠጥ
ሕልበት ይሕጠጥ
ዓይኒ ይፍጠጥ
ኩላሶ ይኹለስ
ሥልሊ ይሥለስ
ጠስሚ ይድለስ
ሓሰር ይኹልሰስ
ኩምራ ይድንደን
ኦድጊ ይውደን
እድኒ ይእደን
ዓጋዘን ይህደን
ፈልሲ ይፈልስ
ውሉድ ይመልስ
ዑና ይፈርስ

መሬት ይበርስ
ዝሩእ ይፈሪ
ዝራብዕ ይፀሪ
ዝቐረየ ይቐሪ
ዓርኪ ይሓሪ
ስገም ይጉሰ
ሕስዮ ይሕሰ
ኦውግዕ ይምሰ
ጠበንጃ ይልጕም
ማሕጕማ ይሕጕም
ጉቦ ይድጕም
ሻሽ ይጉምጕም
ዕማመት ይዕመም
ሕማም ይሕመም
ቃንዛ ይጽመም
ዓርማም ይዕርመም
መናፍሕ ይንፋሕ
መጥፍሓ ይጥፋሕ
ጀዲድ ይፍሕፋሕ
ኦጎዛ ይፍርፋሕ
ማእለማ ይውጠን
ቅጥኒ ይቕጠን
ጨው ይምጠን
ዕትሮ ይዕጠን
ስሉጥ ይፋጠን
ቅብጠት ይቕበጥ
ብበትሪ ይዝበጥ
ብወርቂ ይልበጥ
ዝባን ይጉበጥ
መቐነት ይሽንቀጥ
መሬት ይንቅጥቀጥ
ብምኽሪ ይምየጥ
ብገንዘብ ይሽየጥ
ብመኽየጥ ይኽየጥ
ቅዳድ ይሽቀጥ
ግለት ይዝቀጥ
ዕነ ይዝፈጥ

ማይ ይርብረብ
ጋቢ ይድረብ
ዘረባ ይዝረብ
ታቦት ይፅረብ
ቑኖ ይሽረብ
ቁርባን ይቑረብ
ኢድ ይዓትር
ሽፍታ ይኽትር
ዕኾቲ ይዕኰት
ጽፍዒት ይልኰት
ብፍቕሪ ትሻኾት
ብጽልኢ ትላኾት
ቖልዓ ይጥበር
ጸብሒ ይሕበር
ጸብሪ ይጽበር
ጠምባር ይጥምበር
ደምባር ይድምበር
ብስኣን ዓቕሚ
ሓምየን ይሓሚ
ስኡን ይጠሚ
ጸዋዩ ይፀዊ
ማይ የርዊ
መርድኢ የእዊ
መልቀሳይ ይበኪ
ሀካይ ይደኪ
ህርኩት ይህፍትም
ከተማ ይኽትም
ዘኽታም ይዝኽትም
ኹሩዕ ይፍንትር
ጉተና ይስንትር
ስጋ ይምተር
መትረብ ይኽተር
*ቋንቋና ከይዓብር*
*ንንቃሕ! ንባራበር!*

ኣ/በ ገ/መድህንን
ገ/ኢ ጕርፉን።